# ድሕሪ ክታበት ዝግበር ክንክን፥ ዓበይቲ

## ኣብ ዝቕጽሉ ሒደት መዓልታት እንታይ ክትጽበዩ ከም ዘለኩምን ጎድናዊ ሳዕቤናት ብከመይ ከም እተመሓድሩን ተማሃሩ

## ድሕሪ ገለ ክታበታት ክህልውኹም ዝኽእሉ ጎድናዊ ሳዕቤናት



ቃንዛ ጭዋዳታትን መላግቦታትን



ድኻምን ሕማም ርእስን



ረስኒ፣ ቍሪ-ቍሪ ምባልን ምንቅጥቃጥን/ ገብገብን



ድሕሪ ክታበት ንፍዮ፣ ጽግዕን ንፍዮ ጀርመንን (MMR) ፍሮማይን ረስኒ፣ ዕንፍሩርን ከምኡ'ውን ካልኦት ጎድናዊ ሳዕቤናትን ድሕሪ ክታበት ካብ 1-2 ሰሙናት ኣቢሉ ከጋጥም ይኽእል ኢዩ።



ዕግርግር፣ ተምላስን ውጽኣትን



ቃንዛ፣ ምቅያሕን ሕበጥን ኣብ'ቲ ክታበት ዝተዋህበሉ ቦታ

*ምስ ክታበታት ኮቪድ-19፣ ክሳብ 7 መዓልቲ ብድሕሪኡ ከጋጥም ይኽእል*



ድሕሪ ክታበታት ኮቪድ-19፥ ዝሓበጡ ሊምፍ ኖድስ (lymph nodes) ኣብ ትሕቲ ትሽቱሽ (armpit)

## መብዛሕትኦም ጎድናዊ ሳዕቤናት ቀሊል ዝበሉ ኰይኖም ድሕሪ 1-2 መዓልታት ይገድፉ

ብፍላይ ንክታበት ዝምልከቱ ጎድናዊ ሳዕቤናት፣ HealthLinkBC Files ኣብ
[immunizebc.ca/adults/vaccines-recommended](immunizebc.ca/adults/vaccines-recommended)
HealthLinkBC File ንምርካብ ኣብ'ቲ ስም ናይ ክታበት ጠውቑ።.

ነዞም ዝስዕቡ ኣብ ዝቕጽል ገጽ ርኣዩ፥

ምኽርታት ንጎድናዊ ሳዕቤናት

ምኽርታት ድሕነት መድሃኒት

ሕክምናዊ ቆላሕታ መኣስ ከምትደልዩ

ብዝተቓለለ ቻይንኛ (简体中文)፣
ያታዊ ቻይንኛ (繁體中文)፣
ፋርሲ (فارسی)፣ ኮርያኛ (한국어)፣
ፑንጃቢ (ਪੰਜਾਬੀ)፣ ከምኡ'ውን ካልኦት
ቋንቋታትን ይርከብ

BC Centre for Disease Control
Provincial Health Services Authority

BRITISH COLUMBIA | ImmunizeBC

# ድሕሪ ክታበት ዝግበር ክንክን፥ ዓበይቲ

## ዝሓሸ ንክስምዓኒ እንታይ ክገብር እኽእል?



### ንቃንዛን ሕበጥን ኣብ'ቲ ክታበት ዝተዋህበሉ ቦታ፥

- ኣብ ልዕሊ እቲ ቦታ ዝሑልን ርጡብን ጨርቂ ወይ ዝተጠቕለለ በረድ ግበርሉ
- ቅልጽምኹም ኣብ መዓልቲ ብዙሕ ግዜ ኣንቀሳቕሱ።
- ብዘይ ትእዛዝ ሓኪም ዝሸየጡ (over-the-counter) መድሃኒታት ከም ibuprofen (Advil®) ወይ acetaminophen (Tylenol®) ውሰዱ።



### ንረስኒ፥

- ኣዕርፉ
- ብዙሕ ፈሳሲ ስተዩ
- ፈኵስ ተኸደኑ
- ረስኒ ንምውራድን ናይ ዘይምችኡነት ስምዒት ንምጕዳልን ንክሕግዘኹም ብዘይ ትእዛዝ ሓኪም ዝሸየጡ (over-the-counter) መድሃኒታት ከም ibuprofen (Advil®) ወይ acetaminophen(Tylenol®) ዝኣመሰሉ ውሰዱ።

## ብዘይ ትእዛዝ ሓኪም ዝሸየጡ መድሃኒታት ኣብ እትጥቀመሉ እዋን ዝሕግዙ ምኽርታት ድሕነት

- ኣብ'ቲ ተለጢፉ ዘሎ ጽሑፈት (label) ብጥንቃቐ ኣንብዎን ተኸተልዎን። ካብ'ቲ ዝተሓበረ ንላዕሊ ዓቐን ኣይትውሰዱ።
- ነፍሰ-ጾር እንተኾንክን፡ ibuprofen (Advil®) ኣይትውሰዳ። ኣብ ክንድኡ acetaminophen (Tylenol®) ተጠቐማ።

## ሕክምናዊ ቆላሕታ መኣስ ከምትደልዩ

ድሕሪ ክታበት ዘጋጥሙ ከበድቲ ጎድናዊ ሳዕቤናት ኣዝዮም ሳሕቲ ኢዮም። እንተ ኣጋጢሞም ግን ስጉምቲ ምውሳድ ኣገዳሲ'ዩ።

**እዞም ዝስዕቡ እንተድኣ ኣለውኹም ብኡ-ንብኡ/ተቐላጢፍኩም ሕክምናዊ ቆላሕታ ድለዩ፥**

- ምልክታት ወይ ስምዒታት ሕማም ናይ ከቢድ ኣለርጂካዊ መልሰ-ተግባር (ንኣብነት፣ ዕንፍሩራት፣ ጸገም ምስትንፋስ፡ ወይ ሕበጥ ጎሮሮ፣ መልሓስ ወይ ከናፍር)። እዚ ካብ ክሊኒክ ምስ ወጻእኩም እንተ ኣጋጢሙ፣ ናብ 911 ወይ ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ናይ ህጹጽ እዋን (emergency) ቁጽሪ ደውሉ።
- ክታበት ኮቪድ-19 ተቐቢልኩም ቃንዛ ኣፍልቢ፣ ሕጽረት ትንፋስ፣ ወይ ናይ ቅልጡፍ ህርመት ስምዒት፣ ድኹም/ ዘይስሩዕ ወይ ብርቱዕ ህርመት ልቢ ምስዝህልወኩም፡
- ካልእ ዘተሓሳስብ ምልክታት ወይ ስምዒታት ሕማም።

**ድሕሪ ክታበት ንዝኹነ ከቢድን/ወይ ዘይተጸበኹሞን ጎድናዊ ሳዕቤናት ንናትኩም ወሃቢ ክታበት/ክሊኒክ ወይ ወሃቢ ክንክን ጥዕና ጸብጻብ ሃቡ።**



**መዝገብ ክታበትኩም ኣብ healthgateway.gov.bc.ca ርኸብዎ**